መዋእለ ህጻናት

Public education
**Discover a world of opportunities**


# ስነፍልጠት: እናተጻወትካ ኣብ ገዛ

## ስነፍልጠት ኣካል/ሰብነት

- ንደቅኻ ስርሓት/ቅርጺ ኢዶምን ኢድካን ከምዝስእሉ ግበሮም:: ንዕኡ ቁረጾ: ብዛዕባ ዝተፈላለየ ዓቐንን ቅርጽን ተዘራረብ: ከምኡ‘ውን መንኩም ዝነውሐን ዝሰፍሐን ኣጻብዕቲ ከምዘለኩም ርአ:: ብዛዕባ ኣእጋርካ’ውን ከም’ኡ ግበር:: ስእልታት ኣእጋርን ኣእዳውን ናይ ካልኦት ኣባላት ቤተሰብ ኣኪብካ ኣነጻጽሮም: ካብ’ቲ ዝዓበየ ክሳብ እቲ ዝነኣሰ ጌርካ ከኣ ስርዓዮም::
- ደቅኻ ምስሎም ኣብ መስትያት ቀሪቦም ከምዝርእይዎ ግበር:: ንገጾም ክሳብ ዝከኣሎም ዝርዝር ክገልጽዎ ሕተቶም:: ኣብ ዝርዝራት ኣዒንቶም: ቅርኒብ ኣዒንቶም: ሽፋሽፍቲ ኣዒንቶም: ኣፍንጭኦምን ኣፎምን ኣትኲሮም ክርእዩ ኣተባብዓዮም:: ገጾም ምስ ገጽካን ገጽ ካልኦት ኣባላት ቤተሰብን ከወዳድርዎ ሕተቶም::

> ናይ ዕቤት ቻርት ኣብ መንደቕ ኣቐሚጥካ ቁመት ደቅኻ ኣብ ነብሲ ወከፍ ዕለተ ልደቶም (ወይ’ውን ብዙሕ ግዜ) ዓቅን/ለክዕ:: ክሳብ ክንደይ ዓብዮም ከምዘለውን ምስ ካልኦት ኣባላት ቤተሰብ ብምንጽጻር ክሳብ ክንደይ ከምዝነውሑን ከምዝሓጽሩን ምስ ደቅኻ ተዘራረብ::

- ደቅኻ ትርግታ ደም ሱር ደልዮም ክረኽቡን ህርመት ክቆጽሩን ሕተቶም:: ን30 ካልኢት ዝኸውን ኣብ ደገ ከምዝጎዩ ግበርን እንደገና ህርመት ክቖጽሩን ሕተቶም:: ድሕሪኡ ንገለ ውሑዳት ደቓይቕ ጸጥ ኢሎም ከምዝድቅሱ ግበር’ሞ እንደገና ህርመቶም ክቆጽሩ ሕተቶም:: ነዚኦም ዝኣመሰሉ ሕቶታት ሕተቶም: ትርግታኻ ከመይ ተቐይሩ?ን ንምንታይ ዝበዝሐ ወይ ዝወሓደ ህርመት ሃሊዩ ኢልካ ትሓስብ?



Department of Education

ዝያዳ ጽሑፋት ብዛዕባ ትምህርቲ ኣብ ገዛ ኣብ **education.wa.edu.au** ክትረኽቡ ኢኹም።

© Department of Education, Western Australia, 2015